PHYSICIANS FOR HUMAN RIGHTS ISRAEL
רופאים לזכויות אדם أطباء لحقوق الإنسان
ISRAEL إسرائيل ישראל

**ኮሮና -ሕቶን መልስን --ሓካይም ንመሰል ደቂ ሰባት**

**ኮሮና ቫይረስ እንታይ እዩ፧**

ኣብ ወርሒ ታሕሳስ 2019 ኣብ መኣከል ቻይና ንደቂ ሰባት ናይ ረኽሲ ሳምቡእ ዘስዓበ ሓዱሽ ቫይረስ ከም ዝመጸ ፈሊጦም።ብድሕሪኡ እቲ ሕማም ናብ ኩሉ ከባቢታት ቻይናን ናብ ካሎኦት ቦታታት ዓለምናን ተላቢዑ።

**ብኸመይ ይለግብ(ይማሓላለፍ)፧**

ቫይረስ ፡ኣብ ግዜ ሕንጠሳ ወይ ሑኣታ በመገዲ ሰርዓተ ምስትንፋስ ሕሙም ሰብ ይዝርጋሕ። ንጣር ነጠብጣብ ኣብ ኣኣዳው ካሎኦት ሰባት ወይ ነገራት ክዓልብ ይኽእል።ሰባት ድሕሪ ሓጺር ግዜ ኣኣዳዎም ኣብቶም ነገራት ድሕሪ ምሓዝ ኣፍንጪኦም ፡ዓይኖም ወይ ድማ ኣፎም ብምትንካፍ ብቫይረስ ክልከፉ ይኽእሉ።

**ምልክታት ኮሮና እንታይ እዮም፧እዚ ሕማም ማዕረ ክንደይ እዩ ከቢድ፧**

ብዙሓት በዚ ሕማም ዝተለኸፉ ዝኾነ ምልክት ኣየርእዩን።ዝራኣዩ ምልክታት ድማ ንምልክታት ሳዓል ዝማሳሰሉ እዮም።ረስኒ፡ድኻምን ደረቕ ሳዓልን ዝያዳ ልሙዳት ምልክታት እዮም።ሓደ ካብ ሽዱሽተ ሕሙማት ስጋብ ከቢድ ሕማምን ክብደት ምስትንፋስን ክገብር ይኽእል።

ሽማግለታት፡ሕሙማን ሕዱር ሕማም ከም ሕማም ልቢ፡ሽኮርያ፡ HIVን ካንሰርን ዝያዳ ብኸቢድ ክሓሙ ይኽእሉ።

**እዚ ሕማም ብኸመይ ይፍለጥ፧መድሃኒት ወይ ፈውሲ ኸ ኣለዎ ዶ፧**

ምፍላጥ እዚ ሕማም ካብ ስርዓተ ምስትንፋስ ምራቕ ብምውሳድ ብላባራቶራዊ ምርመራ ይግበር።ናብ መርመራ ዝስደዱ ሰባት ቅቡል ምልክታት ዘርእዩ ንቫይረስ ተቓሊዖም ከይ ኮኑ ዝተጠርጠሩ እዮም። ንመርመራ ዝኸውን መራቕ ብፍቓድ ሓኪም ምኒስትሪ ጥዕና ጥራይ ይኸውን።

ብግሊ ክትምርመር ኣይካኣልን።

ንግዜኡ ንኮረና ቫይረስ ዝኸውን ክታበት የለን፡ንኮረና ቫይረስ ፍሉይ ንዕኡ ዝኸውን ክንክን ወይ መድሃኒት የብሉን።ቀንዲ ክንክን ብሕሙም ንሕክምንናዊ ኩነታቱ መሰረት ዝገበረ ኮይኑ ድጋፍ ጥራይ እዩ።

**ካብ ምልጋብ በኸመይ ክንጥንቀቕ ወይ ክንውገድ ንኽእል፧**

WWW.PHR.ORG.IL | mail@phr.org.il | Physicians for Human Rights-Israel | اطباء لحقوق الانسان-اسرائيل | רופאים לזכויות אדם-ישראל
T 03.5133100 | F 03.6873029 | 9 Dror St., Jaffa-Tel Aviv, Israel 6813509 | ش. درور ٩ يافا تل ابيب ٦٨١٣٥٠٩ | רח' דרור 9, יפו-תל-אביב 6813509

ብዝተኻኣለ መጠን ኣዞም ስዒቦም ዘለዉ ካብ ናይ ስርዓተ ምስትንፋስ ቫይረስ ከም ባዓል ሳዓል ክካላኸሉ ዝኽእሉ ኣጋባብ ጽሬት ክነዘውትር ተመራጺ ይኸውን።

- ምዝውታር ምሕጻብ ኢድ ብሳምናን ወይ ሕልፍ ሕልፍ ኢሉ ብፍላይ ድሕሪ ምስዓል ወይ ምትንኻፍ ምስ ደቂ ሰባት ድማ ምቕባእ ኣልኮል።
- ምስ ብሕማም ስርዓተ ምስትንፋስ ዝሳቐዩ ሰባት ጥቡቕ ዝምድና ምውጋድ፡ካብ ዝሓመሙ ሰባት ፡ዝስዕሉ ወይ ዝሕንጥሹ ብውሑዱ ናይ ሓደ ሜትሮ ርሕቀት ክንሕሉ።
- ምጭባጥ የኣዳው ምውጋድ።
- ምውጋድ ምትንኻፍ ምስ ዓይኒ፡ኣፍንጫን ኣፍን።
- ናብ ብርኪ ኢድና ወይ ናብ ተጠቂምና ክንድርብዮ ንኽእል መንዲል ምህንጣሽን ምጉሓፍ ዝተጠቀምናሉ መንዲልን።
- ምውጋድ ምጥቃም ብናይ ሓባር ናይ ኣልኮል ኣቓሓ፡ሺሻ፡ሽጋራን ካልኣን ።
- ምውጋድ  ምጽናሕ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ሓሚምና ከለና።

**ኣብ ጥቓ ሕሙም እንተ ነይርካ እንታይ ክትገብር ኣለካ፤**

1. ዝኾነ ምስ ሕሙም ምትንኻፍ ዝነበሮ ወይ ካብ ዝነበሮም ኣኩባት ሰባት ሕሙም ከም ዘሎ ምስ ዝፍለጥ ማስኬራ ብምውዳይ ዝተነከፎም ነገራት ብምጽራይን ኣኣዳው ብምሕጻብን ን 14 ማዓልታት **ክውሸብ (በየኑ ኣብ ክፍሊ ክዕጾ)** ኣለዎ።ምስ ካሎኦት ኣባላት ስድራቤት ኮነ ኣዕሩኽ ኣቓሓ ኪቃባበል ኣይፍቀድን።

2. ብቴለፎን  *5400 ንምንስትሪ ጥዕና ምውሻቡ(ኣብ ክፍሊ በይኑ ምዕጻዉ ) ክሕብር ኣለዎ።.
3. ንምኒስትሪ ጥዕና ትህቦ ሓበሪይታ ናብ ኢሚግረሽን ስለዘይሓልፍ መንነትካ ምሃብ ኣይትፍራሕ።
4. ንምልክታት ኮሮና ከም ረስኒ፡ሳዓልን ካሎኦት ምልክታት ስርዓተ ምስትንፋስን ክንካታተልን ክነስተውዕልን ኣለና።ምናልባት ምልክታት ምስ ዝህሉ ናብ ማዳ ብሉሙድ ኣጸዋዋዓ ኣምቡላንስ 101 ብምድዋል ክንሕብርን ክንማኽርን ንኽእል። ሓኪም ክላኣኸልካን ዘይክላኣኸልካን ውሳኔ ናይ ማዳ እዩ።ድሕሪ መርመራ ኮሮና ከም ዝሓመምካ ምስ ዝፍለጥ ናብ ሕክምና ክወስዱኻን ዘይክወስዱኻን ናቶም ውሳኔ ይኸውን፡ባዕልኻ ናብ ሕክምና ኣይክየድን።

5. ሕሙም ሕዱር ሕማም ከም ሕማም ሽኮር፡ጸቕጢ ደም፡ኣዝማ፡ካንሰር ወይ HIV ንማዳ ክትሕብሮም ኣለካ
6. ቅድሚ ምስ ማዳ 101 ምዝርራብካ ናብ ሕክምና ወይ ክፍሊ ህጹጽ ሕክምና ምኻድ ኣይድልን።ኩሉ ንማዳ እትህቦ ሓበሬታ እውን ናብ ኢሚግረሽን ዝሓልፍ ኣይኮነን።

**ብኸመይ ትውሸብ (ኣብ ክፍሊ በይንኻ ትዕጾ)፤**

- ካብ ገዛ ምውጻእ የለን።
- ኣብ ዕጹው ንፉስ ዘለዎ ክፍሊ በይንኻ ክትከውን ኣለካ።ካብ ክፍሊ ክትወጽእ ከለኻ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ብምሽፋን ንኣዝዩ ኣገዳሲ ነገርን ንሓጺር ግዜን ክኸውን ኣለዎ።

ካሎኦት ተወስኺቲ ክውሸቡ ዘለዎም አንተ ሃሊዮም ኣብ ሓደ ክፍሊ ብሓንሳብ ክውሸቡ ይኽእሉ እዮም፡ስድራቤት ብምልእታ ክትውሸብ ዘለዋ አንተ ኮይና ኣብ ውሽጢ ገዛ ዝኾነ ገደብ ምንቅስቓስ የብላን ካብ ገዛ ጥራይ ክወጹ የብሎምን።

- ቅድምን ድሕርን ምድላው መግቢ ኣእዳው ብግቡእ ማለት ብሳምና ክሕጸብ ወይ ብኣልኮል ክቅባእ ኣለዎ።ቅድሚ መግቢ ወይ ምጥቃም ሽንቲ ቤት ኣእዳዋና ብግዜዊ ሶፍት ክንውልውሎ ኣለና።
- ብዝተኻእለ መጠን ብዝተፈልየ ማለት ሕሙም ጥራይ ዝጥቀመሉ ሽንቲ ቤት ምጥቃም ይምረጽ።
- ኣብ ግዜ ምህንጣሽ ወይ ሳዓል ኣፍን ኣፍንጫን ብብርኪ ኢድና ወይ ብግዜዊ መንዲል ማለት ዩዝ ኤንድ ስሮው ክሽፈን ኣለዎ።አዚ ነቲ ቫይረስ ፋሓ ካብ ምባል ንምውጋዱ ዝግበር ሜላ እዩ።ሽው ድሕሪ ምህንጣሽ ወይ ምስዓል ኣእዳው ብግቡእ ክሕጸብ ወይ ብኣልኮል፡ክቕባእ ኣለዎ።
- ኣጥባዊት ኣደ ከም ልሙድ ክተጥቡ ትኽእል እያ ፡ኣብ ግዜ ምጥባው ኣፉን ኣፍንጫኣን መሸፈኒ ብምጥቃምን ቅድሚ ምጥባዋ ኣእዳዋ ብጉቡእ ክትሕጸብን ኣለዋ።ጸባ ኣደ ምሕላብ ዘድልያ ወላዲት ቅድሚ ምሕላባን ብመትሓዚ ጸባ ምትንካፉን ግቡእ ጽሬት ኣእዳው ክትሕሉን አንተ ተኻኢሉ ካኣ ንኻልአ ኣብ ጥቓኣ ዘሎ ሰብ ንህጻን ክህቦ ክትገብር ይምረጽ።
- ረስኒ ወይ ካሎኦት ምልክታት ስርዓተ ምስትንፋስን ካልአ ሕማምን ምስ ዝህልዉ ናብ 101 ብምድዋል ምስ ማዳ (ኣምቡላንስ) ምርኻብ ይካኣል።ማዳ ሓበሬታ ስጋብ ዝህቡ ምጽባይን ብህዝባዊ ሞጓዓዝያ ምጓዓዝ ምውጋድን ።

**ኩሉ ማስኬራ ውይ መሸፈኒ የድልዮ ዶ፧**

ምብዛሕ ቫይረስ ንምውጋድ ክሽፈኑ ዘለዎም፣

ምልክታት ዘርኣዩ፡ዝተጠርጠሩ፡ኮሮና ከም ዘለዎም ዝተፈልጡ፡ኣብ ጥቓ ዘለዎም ሰባት ዝጸንሑን ንሕሙማት ዘኣልዩ ነብሶም ንምክልኻልን እዮም።

**ካሎኦት ሕቶታት ምስ ዝህሉውኒ ንመን ክሓትት ይኽእል፧**

ሕክምናዊ ሕቶታት ብፍላይ ብዛዕባ ኮሮና ናብ 101 ማዳ ብልሙድ ኣጻዋውዓ ኣምቡላንስ ምዱዋል።

ንሕቶታት ብዛዕባ ምውሻብ (ኣብ ገዛ ምዕጻው) ወይ ካሎኦት ሕቶታት ብዛዕባ ሓዱሽ ቫይረስ ኮሮና ናብ ሚኒስትሪ ጥዕና *5400 ምድዋላ ይካኣል።